# *ዕሽር ንእግዚኣብሔር ምሃብ*

ዕሽር፡ መበል ዓሥራይ ኣፍ ወይ ድማ ሓደ ካብ ዓሰርተ ማለት ኢዩ (1/10)። ዕሽር ኣብ ንቡር ሕይወት ኣመንቲ ኪህሉ ዚግብኦ፡ ሓደ ካብ እምነት ዚነቅል መንፈሳዊ ተግባር ኢዩ። መንፈሳዊ ዘብሎ ከኣ ካልእ ኣይኮነን፡ ብቃል ቅዱስ መጽሓፍ ብትምህርቲ ቤተክርስትያንን ዚጸንዐን ዝተረጋገጸን ብምኳኑ ኢዩ። ክርስትያን ነቲ ጐይታ ዝሃቦ ዘበለ ኵሉ፡ ጊዜኡ፡ ሞያኡ፡ ትሕዝቶኡ፡ ገንዘቡ፡ ወዘተ. ቅኑዕን ዝጸበቐን ብዝኾነ መንገዲ ኪጥቀመሉን ኬመሓዳድሮን ኣለዎ። *"ምድርን ምልኣታን ዓለምን ዚነብርዋን ናይ እግዚኣብሔር ኢዮም" (መዝ. 24፡ 1)።* ዕሽር እምበኣር ንእግዚኣብሔር ካብቲ ንሱ ዝሃበና በረኸት፡ ንክብረቱ ምምላስ ማለት ኢዩ። ኣብ ብሉይ ኪዳን እሥራኤላውያን ኵሉ ዕሽር ንእግዚኣብሔር ኪህቡ ይግደዱ ነይሮም። ንከይከፍል ዚመሓር ድማ ዋላ ሓደ ኣይነበረን። *"ኵሉ ዕሽር ናይ እግዚኣብሔር ኢዩ፡ ንእግዚኣብሔር ዝተቀደሰ ኢዩ"* (ለዋ 27፡ 30)። እምበኣር *"ካብ ኵሉ እቶት ዕሽር ንእግዚኣብሔር ይወሃብ'* (ዳግ 14፡22) *"ኣብ ቤት ኣምላኽ መግቢ መታን ኪኸውን ከኣ ናብ ቤት መዝገብ ይምጻእ"* (ሚል 3፡10)

## ዕሽር መዓስ ተጀሚሩ?

ቃኤልን ኣቤልን ካብ ትሕዝቶኦም ንእግዚኣብሔር መስዋዕቲ የቕርቡ ከምዝነበሩ ዘፍ.4፡ 3-4 ይነግረና። ሰብ (ኣዳም) ካብቲ ትሕዝትኡ ንእግዚኣብሔር ኪህብ ከምዘለዎ ካብ ኣቦኦም ኣዳም ተማሂሮምዎ ኪኾኑ ክንግምት ንኽእል።

ኣብርሃም *"ካብ ኵሉ ዓይነት ዕሽር ንመልኬጸድቅ ንጉሥ ሳሌም ሃቦ"* (ዘፍ.14፡20)። ያዕቆብ ንእግዚኣብሔር *"ካብ እትህበኒ ዘበለ ኵሉ ዕሽር ክህበካ እየ"* (ዘፍ.28፡22) ይብሎ።

ካብዚ ሠለስተ ኣብነታት እምበኣር ዕሽር ቅድሚ ሕጊ ሙሴ ስለዝተጀመረ ባሕርያዊ ምኳኑ ክንርዳእ ንኽእል።

## ዕሽር ንምንታይ ይጠቅም፡-

1. ንኣምላኽ ንምኽባር (ምሳ. 3፡4) ምክንያቱ ንእግዚኣብሔር ክወሃብ ከሎ ቅዱስ እዩ። (ዘሌ. 27፡ 30) *"እግዚኣብሔር እተቐደሰ"* ይብል።

2. ንኣገልግሎት ይድግፍ።

*"ከምቲ ነቶም ኣብ መንጎ ደቂ እስራኤል ብዘይካ ኣገልግሎት ኣምላኽን ሕዝቢ ኣምላኽን ካልእ ዕዮ ዘይነበሮም ሌዋውያን ዕሽር ንዕኦም ኪወሃብ እተመደበሎም"* (ዘዳ.18፡24) ነቶም ኣብ ጊዜ ሓድሽ ኪዳን ምሉእ ጊዜኦም ወፍዮም ኣብ ኣገልግሎት ወንጌል ጥራሕ ንዝተዋፈሩ ድማ *"ብወንጌል ኪምገቡ ጐይታ ሰሪዑሎም ኣሎ"* (1ቆሮ.9፡14)። ብዛዕባኦም ቃል ኣምላኽ *"ንዜኽይድ ብዕራይ ኣፉ ኣይትእሰሮ"* ይብል (1ቆሮ. 9፡9)።

ቤተክርስትያን ንኹሉ መዳያዊ ድሌታ ትጥቀመሉ *"ኣብ ቤተይ መግቢ ኺሀውን ዕሽር ዘበለ ኹሉ ናብ ቤት መዝገብ ኣምጽእዎ"* (ሚል 3፡10) ይብል እግዚኣብሔር።

መግቢ ንዕቤትን ጥንካረን ይጠቅም ቤተክርስትያን ከኣ ክትዓብን ክትጥንክርን ኣብ ቤት መዝገብ ዕሽር ኪኣቱ ኣለዎ። ካብዚ ዕሽር ድማ ንዝተፈላለየ መዓላ ከተውጽእ ትኽእል። ንጽጉማት'ውን ትረድእ (ገላ.2፡10) ።

## ዕሽር/ግብሪ ታቦት ኣብ ሓዲስ ኪዳን

ኣብ ሓዲስ ኪዳን እኳ ቀዳሞት ክርስትያን ንናይ ዕሽር ኣተሓሳስባ ዝተሳገርዎ ይመስሉ። ምኽንያቱ ኣብ ግብሪ ሓዋርያት፡ *"እቶም ዝኣመኑ ብሓባር ነበሩ፡ ዘለዎም ኹሉ ከኣ ብርኪ ነበረ። ንሳቶም ከኣ መሬቶምን ጥሪቶምን ሸይጦም፡ ንኹላቶም ከከም ዜድልዮም ይመቕልዎም ነበሩ"* (ግ.ሓ. 2፡ 44-45፤ 4፡34-35)። ስለዚስ፡ ክፋል ሃብትኻ ዘይኮነስ፡ ከም ዕላማ ምሉእ ንብረትካ ናይ ማኅበር፡ ንጥቕሚ መሉእ ማኅበር ኪውዕል ከም ትምኒት ይሕዝዎ ነበሩ። እዚ፡ ብርግጽ ዕላማ ወይ ትምኒት፡ ሓድሓደ ሰባት ድማ ኣብ ግብሪ ዜውዓልዎ፡ ደኣ እምበር ንኹሉ ሰብ ዝተዋህበ መምርሒ ኣይነበረን። ምኽንያቱ፡ ጳውሎስ ምእንቲ ድኻታት ኢየሩሳሌም

ገንዘብ ኬዋጽእ እንከሎ፡ ሰብ ባዕሉ ካብ ዘምጽኦ ንብረት ኣካፍሉኒ ምበለ ነይሩ፡ እንተኾነ፡ ብዛዕባ ሰብ መቄዶንያ ኪዛረብ እንከሎ፡ *"ባዕላቶም ፈትዮም፡ ከም ዓቕሞም፡ እረ ሓለፋ ዓቕሞም ከምዝለገሱ እምስክረሎም ኣለኹ"* ይብል። ስለዚስ፡ ብሓደ ወገን፡ ንብረትካ ሸጥካ መዓላኡ ንጥቕሚ ማኅበር ኪውዕል መምርሒ እኳ እንተዘይነበረ፡ በቲ ሓደ ግና ክርስትያን "ከም ዓቕሙ፡ ካብ ዓቕሙ ንላዕሊ፡ ኣብ ኣገልግሎት ቅዱሳን ንምውዓል" ዕድል ኪረክብ መሰሉ ኢዩ። ክርስትና ናይ ብሱላት ሰባት ሃይማኖት ስለዝኾነ፡ ክንደይ ኬዋጽእ ከምዘለዎ ዓቕሙን፡ ልግሱን፡ ዚውስኖ ኢዩ። ጳውሎስ ንሰብ ቆሮንጦስ ብልግሲ ኪሕግዙ ኬተባብዖም እንከሎ እዚ ዚስዕብ መተሓሳሰቢ ይህቦም፡

(1) "ኣውሒዱ ዚዘርእ ኣውሒዱ ድማ ይዓጽድ"፡

(2) "ኣምላኽ ሕጉስ ወሃቢ ኢዩ ዚፈቱ" እሞ፡

(4) ልግሲ መግለጺ እምነት ኣገልጋሊ-ወንጌል ከምዝኾነ፡

(3) ዚህብ፡ ጐደሎ ቅዱሳን ዜማልእ ኢዩ፡

(3) ነፍስወከፍ ከምቲ ብልቡ ዝሓለኖ ይሃብ።

ሓሊፉ ድማ ጳውሎስ፡ ልግሲ ሰብን ልግሲ ኣምላኽን እናኣማዛዘነ፡ *"ንድኻ ብልግሲ ሃበ፡ ጽድቁ ንዘለዓለም ይነብር"* ዚብል ጥቕሲ ብሉይ ኪዳን እናዘከረ፡ ኣምላኽ ብወገኑ፡

(1) ከም መጠን ልግስኹም ንምህርትኹም ኬበርክተልኩም ኢዩ

(2) ብኹሉ ወገን ኬህብትመኩም ኢዩ

(3) ቀንዲ ድማ፡ ተቐበልቲ እዚ "ኣገልግሎት ልግሲ" ዝኾኑ ስኡናት ንኣምላኽ ኬመስግኑ ኢዮም።

ስለዚ ኣብ ሓዲስ ኪዳን ክርስትያን ሞባእ ኬውድቕ ኪሓስብ እንከሎ፡ ቅ. ጳውሎስ ርትዒ፡ ልግሲ፡ ፍቕሪ ኣምላኽን ፍቕሪ ሰብን፡ ዘለዓለማዊ ጻማ፡ ከም ቀንዲ መምርሒ ኪኾኖ ይህቦ። ጳውሎስ ግና ናብ ሰብ ቆሮንጦስ

ብዛዕባ ሓደ ውሱን ንምርዳእ እቶም ብድኽነት ተጠቒዖም ዝነበሩ ክርስትያን ኢየሩሳሌም ዚግበር ዝነበረ ምውጻእ ገንዘብ ኢዩ ዚዛረብ ዘሎ። እቲ ኣብ ብሉይ ኪዳን ዝነበረ ምኽንያት ምውጻእ ዕሽር ግን ሎሚ እውን ኣብ ጊዜና ስለዘሎ፡ ቤተክርስትያን ሎሚ እውን መምርሒ ክተውጽእ ግድን ኢዩ።

*"እቲ ቀደም እተጻሕፈ ዘበለ ኵሉ ንምህሮና እዩ እተጻሕፈ"* (ሮሜ.15፡4)። ደረስቲ ሓዲስ ኪዳን፡ ብዛዕባ ናይ ኣብርሃም ንመልከጻድቅ ካብ ኵሉ ዓይነት ዕሽር ከምዝሃቦ ጠቒሶም፡ መልከጸደቕ፡ ካህን ልዑል ኣምላኽን ንጉስ ሳሌምን ስለዝነበረ፡ ኣብርሃም ዕሽር ኪህቦ እንከሎ ሞባእ ኣብ ቅድሚ ኣምላኽ የውድኽ ከምዝተቈጽረሉ የመልክቱ። ሽሕኳ ንኣድላይነት ዕሽር ኪብሉ እንተዘይጠቐስዎ፡ ብተዘዋዋሪ ግን፡ ኣብ ሓዲሽ ኪዳን እውን ስርዓት ዕሽር ከምዘይተረፈ የረድኡና ኣለዉ።

- ኣብርሃም ንኵሎም ክርስትያን ኣብነት ኣመንቲ ኢዩ (ሮሜ 4፡16)።
- መልከጻድቅ ከኣ ምሳሌ ናይ ኢየሱስ ክርስቶስ ኢዩ (ዕብ.7፡3)።

  ስለዚ ኣብርሃም ንመልከጻድቅ ዕሽር ብምሃብ ክርስትያን ኣመንቲ ድማ ንኢየሱስ ክርስቶስ ዕሽር ኪህቡ ከምዚግባእ ብመሰረት ቃል ኣምላኽ ንርዳእ።

ከምቲ ኣብ ጊዜ ብሉይ ኪዳን ናብ ቤት ኣምላክ ዚመጽእ ዝነበረ ዕሽር (ወይ ሞባእ፡ ወይ ምጽዋት) ኣብ ጊዜ ሓድሽ ኪዳን'ውን ናብ ቤት ኣምላኽ (ቤተክርስትያን) ኪመጽእ ግድን ኢዩ። ኣብ ማቴ.23፡ 23 ጐይታና ኢየሱስ ክርስቶስ *"ኣቱም ግቡዛት ጻሓፍትን ፈሪሳውያንን ካብ ጨና ኣዳም ካብ ሽላን ካብ ካሙን ዕሽር እተውጽኡ፡ እቲ ኣብ ሕጊ ዘሎ ኣውራ ነገር ፤ ፍትሒ፡ ምሕረት፡ እምነት ግና እትሓድጉ ኢኹም እሞ*

*ወይለኹም። እዚ ምግባር እቲ'ውን ዘይምሕዳግ ይግባእ"* እናበለ ኪዛረብ እንከሎ፡ ፍትሒ ምውጻእ፡ ምሕረት ምግባር፡ እምነት ምሕዳር ካብ ዕሽር ኣዝዩ ከምዜግድስ ኪገልጽ እንከሎ፡ ዕሽር ምኽፋል ከምዘየትረፎ የረድኣና።

" ኣነ ዕሽር እኸፍል ኢየ! " ኢሉ ዚጀሃር ንዝነበረ ፈሪሳዊ፡ ጐ. ኢየሱስ ክርስቶስ "ሓጢኣት ወሲኹ ንገዝኡ ከደ" እንተበሎ፡ ዕሽር ስለዝኸፈለ ኣይኮነን ዚኸኑኖ፡ እንታይ ደኣ ንጸህራ ኢሉ ስለዝገበሮ።

እንተኾነ ኣብ ዘመና ብዙኃት ክርስትያን ብሰንኪ፡-

- ድሩት ፍልጠት ቃል ኣምላኽን (ሚል 3፡ 7)
- ስስዔን ተመስገን ዘይምባልን (ሉቃ.21፡35)
- ብምሉእ እምነት ኣብ ጐይታ ብዘይ ምውካልን (ፊል.4፡19)

ዕሽር ወይ ግብሪ ታቦት ከይሃቡ ይተርፉ።

*"ገለ ሰባት ገንዘቦም ለጊሶም ይህቡ፡ መሊሶም ከኣ ይህብትሙ። ገሊኦም ከኣ ብዘይግባእ ይቖጥቡ፡ ኣዝዮም ድማ ይደኽዩ።"* (ምሳ.11፡24)።

*እቶም ዕሽር ዚህቡ "ካብ ምቕባል ምሃብ ኣዝዩ ስለዝባረኸ" (ግሓ 20፡ 35) "ይወሰኽሎም"(ምሳ 11፡ 24 ርኤ)*

- ኪልካዕ ዘይከኣል በረኸት ይዕደሉ።
- ፍሬ ድኻም ሓረስታይን ሠራሕተይናን ከይጠፍእ ኪከላኻለሎም ኢዩ፡ ቆፎኦም ኪመልእ ኢዩ (ሚል 3፡10-11፤ ምሳ 3፡ 9)
- ይህብትሙ (ምሳ 11፡ 25)
- ስለዝሃቡ ይወሃቦም (ሉቃ 6፡ 38)
- ብበረኸት ይዓጽዱ (2ቆሮ 9፡6)

*ጥቅሚ ዕሽር እምበኣር ብመጠኑ ክንርእዮ ፈቲንና ኣሎና። ቀጺልና ኽኣ ኣገባብ ኣወሃህባ ንርኤ።*

1. ኣብ ቤት ኣምላኽ ዚግልገል ሕዝቢ፡ ዕሽር ኸኣ ኣብቲ ዚግልገለሉ ቤትክርስትያን ኪወሃብ ኣለዎ። ኣብዚ እናተገልገልካ፡ ኣብ ካልእ ዓዲ ንዘላ ቤተ ክርስትያን ክትሰደላ ግቡእ ኣይኮነን።

2. ኹሎም ኣመንቲ ዕሽር ኪይቡ ይግብኦም።

- ኣገልገልቲ ይህቡ (ዘኍ 18፡ 25-28)
- ድኻታት'ውን ይህቡ (ሉቃ 21፡ 1-4)

3. ዕሽር ክትህብ ከም ዘለካ ካብ ዝፈለጥካሉ ጊዜ ክትህብ ትጀምር።

<u>መባእን ህያብን፣-</u>

ብዛዕባ ዕሽር ጽቡቕ ጌሩ ዝተረድኦ ክርስትያን ናይ መባእን ህያብን መብርሂታት ብዙሕ ኣየድልዮን ኢዩ። ከምቲ ናይ ዕሽር ኣብዚ'ውን ንእግዚኣብሔር "ካብ ናቱ ኢና ንህቦ" (1 ዜና መዋ 29፡ 9-18)። መባእ ግና ከምቲ ናይ ዕሽር ውሱን ዓቐን የብሉን። ከም ዓቕምናን (1ቆሮ 16፡ 1-3) ልብና ከምዝሓለኖን (2 ቆሮ 9፡ 6-9) ኢና ንህብ ናይ ፍታው ልቢ ከኣ እዩ (ዘጸ 25፡ 2 - 7፣ 1 ዜና 29፡ 9-18፣ ማር12፡ 41-44)። *"መባእን ምጽዋትን ከም ጸሎት ኣብ ቅድሚ እግዚኣብሔር ይድይብ"* (ግሓ 10፡ 4)።

<u>መባእ ንዚህብ፡-</u>

- እግዚኣብሔር ብግህዶ ይኽሕሶ (ማቴ 6፡ 1-6)
- ፍሬኡ ይበዝሓሉ (ፊል 4፡ 17-19)።

መባእን ህያብን ከምቲ ናይ ዕሽር ኣብ ኣድላዪ መዓላ ይውዕል። ንወሃቢ ኸኣ ከምቲ ናይ ዕሽር በረኸት የምጽኣሉ።

መባእ ዘይምሃብ ንእግዚኣብሔር ምስራቕ ኢዩ (ሚል 3፡ 8)።

እግዚኣብሔር እስራኤላውያን ካብ ባርነት ግብጺ ወጺኦም ባሕሪ ኤርትራ ምስ ተሳገሩ ንሙሴ *"ንደቂ እስራኤል መባእ ኪህቡኒ ተዛረቦም እቲ መባኤይ ከኣ ካብ ነፍሲ ወከፍ ሰብ ብልቢ ኺህብ ዝፈተወ ውሰዱ"* እናበለ ይዛረቦ (ዘጸ. 25፡2-7)። እቲ ካብ ባርነት ኃጢኣት ዝወጸ ክርስትያን ከኣ መባእ ኪህብ ይግብኦ።

ካብ መጽሔት ተሓድሶ ቍ. 7 - 12 ዓመት 2000